# ምልጋስ ዲክታቶርያዊ ስርዓት

## ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን

## ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ

**28.02.2005**

ምልጋስ ዲክታቶርያዊ ስርዓት፡ ቀንዲ ዕላማን መሰረታዊ ጭርሖን ናይ ኵሉ ተቓዋሚ ኤርትራዊ ውድብን ውልቀ-ሰብን ምዃኑ ዘካትዕ ኣይኮነን። እቲ ሕቶ ግን፡ ኣብ ምልጋስን ከመይነት ኣለጋግሳን ናይ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ሓደ ኣረዳድኣ ኣሎናዶ የብልናን ዝብል ኢዩ። ጽሑፋትና ይኹን ተግባራትና ሓደ ኣረዳድኣ ከምዘይብልና ኢዩ ዘመልክት።

ገሊኡ፡ ምልጋስ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ማለት፡ ነዞም ሕጂ ኣብ ኤርትራ ዘለዉ ሰበ-ስልጣን ስርዓት ኢሳያስ ካብ ስልጣን ምውራድ፡ ምእሳር፡ ምስጓግን ንሰራዊቱ ምብታንን ንብረቱ ምህጋርን ጥራሕ ገይሩ ዝርእዮ ኣሎ። ካብዚ ኣረዳድኣ ብምብጋስ፡ ምስዚ ስርዓትዚ ዘተ የለን፡ ብሓይሊ ደርዒምካ ምልጋሱ ጥራሕ ኢዩ ዝብል ኣገባብ ናይ ቃልሲ ጥራሕ ከም ደረቕ ፖሊሲ ሒዙ ክማጐተሉ ይስማዕ። ነዚ ዘይቕበል ድማ፡ ከም ጸጋኒ፡ ተወላዋሊ፡ መሰረታዊ ለውጢ ዘይደሊ ገይሩ ክግልጾ ይርከብ። እቲ ዝድለ ዘሎ ለውጢ ግን፡ እዚ ጥራሕ እንተደኣኰይኑ፡ መለሳ ቆሎስ ጥጥቖ ዘብል ኢዩ። ብዘይ ክስን ፍርድን ምእሳር፡ ዓ መጽ፡ ሰብኣዊ መሰላት ምርጋጽ፡ ብመን ይፈጸም ብዘየገድስ፡ ምስ ዲሞክራስን ዲሞራስያዊ ለውጥን ዘዛምድ ወይ ዘተኣሳስር ነገር የብሉን። ናይ ዓመጽን ሓይልን ባህሊ ምስራጽ፡ ጽባሕ ነቒስካ ንምውጻኡ ዘጸግም ባህሊ ምስራጽ ምዃኑ ካብዚ ዝሓለፈ ተመኵሮናን ካብ ተግባራት ስርዓት ኢሳያስን ክንመሃረሉ ዝግብኣና ጕዳይ ኢዩ። ንሕና ተጣበቕቲ ናይ ዘተን ሰላምን ልምዓትን ፍትሕን ዲሞክራስን ምዃና ክንዝንግዕ ኣይግባእን።

ምስ መግዛእታዊ ስርዓት ደርግ ክንዛተ ኣሎና ኢልና ዝኣመናን ዝዘተናን ተቓለስቲ፡ ምስ ኤርትራዊ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣይንዛተን ኢና ዝብል መርገጽ ክንሕዝ ፈጺሙ ቅቡል ኣይኮነን። ሎሚ ክንዛተ ኢና ስለዝበልና፡ ጽባሕ ነቲ ስርዓት ንምቕያር ሓይሊ ክንጥቀም ኣይኽእልን፤ ወይ ድማ ሎሚ ብዕጥቃዊ ኣገባብ ስለዝበልና ጽባሕ ብሰላማዊ ኣገባብ ክንብል ኣይኽእልን ኢና ማለት ውን ኣይኮነን። እቲ ኣየናይ ኣገባብ ኢና ንኽተል ዝብል ሕቶ፡ ብኵነታትን ምርጫን ናይ ህዝብናን ስምዒታቱን ድልውነቱን፥ ብኣካቢቡና ዝርከብ ዞናውን ኣህጕራውን ኵነታትን ደኣምበር፡ ብውልቀ ዊንታን ብውልቀ ስምዒታትን ዝግዛእ ከምዘይኮነ ብሩህ ክኸውን ይግባእ። ስለዚ፡ ኣየናይ ኣገባብ ኢና ንኽተል ዝብል ሕቶ በብእዋኑ ክለዓልን ክግምገምን፥ ውድባትናን ህዝብናን ብቐጻልነት ክካትዓሉን ክዛረበሉን ዘለዎ ጕዳይ ደኣ እምበር፡ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ኵነታት ርእይቶይ እዚኣ ኢያ ኢልካ ምድራቕን ብኣኣ ጥራሕ ምፍልላይን ንቃልስና ሓጋዚ ኣይኮነን። ብርግጽ ዘተ ርእሱ ዝኸኣለ ፖለቲካን ብልሓታትን ሕግታትን ዘለዎ፤ ንጽቡቕን ሕማቕን ክትጥቀመሉ እትኽእል ክልተ ዝብልሑ መሳርሒ ስለዝኾነ፡ ጸላኢኻ ንኽፈላልየካ ዕድል ከይትህቦ ክትጥንቀቕ ይግባእ። ንኣብነት፡ በበይኻኻ ኰንካ፡ ኣብ ክንዲ ምዝታይ ብስም ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ምዝታይ ዝበለጸ ምዃኑ ክእመነሉ ኣለዎ። ኵሉ ጻዕርታትና ግን፡ ንሕና ጸረ ዘተን ጸረ ሰላማዊ ፍትሓትን ከምዘይኮና፡ ንህዝብናን ንዓለምን ንምርኣይን ንምዕጋብን ዝዓለመ ክኸውን ኣለዎ።

ምልጋስ ናይ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ማለት እምበኣር፡ ነዚ ዘሎ ጸረ ልዝብ፡ ጸረ ዲሞክራሲ፡ ጸረ ፍትሒ፡ ጸረ ሰላም ዝኾነ ስርዓት ኣውዲቕካ፡ ብኻልእ ካብኡ ዘይፍለ ስርዓት ምልዋጥ ማለት ኣይኮነን። ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ምልጋስ ናይ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ክብል እንከሎ፡ ነቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት፡ ከምስርዓት ክቕየር ወይ ክልወጥ ኣለዎ ዝብል እምነትዩ ዘለዎ። እዚ ማለት ድማ፡ ነቲ ስርዓት ኢሳያስ ዝኽተሎ ዘሎ ገባትን ዓፋንን ናይ ቍጥባ ፖሊሲታት፡ ሕረስ ሓረስታይ፡ ንገድ ነጋዳይ፡ ብዝብል ንመነባብሮ ናይ ህዝብና ብዘመሓይሽ ቍጠባዊ ፖሊሲ ምትካእ፤ ነቲ ስርዓት ኢሳያስ ኣብ

ድፋዓትን ግንባራት ናይ ውግእን ኲሚርዎ ዘሎ ኣፍራዪ ዓቕሚ መንእሰያትና፡ ኣብ ናይ ትምህርትን ስራሕን ልምዓትን መዳያት ከምዝዋፈር ምግባር፤ ነዚ ንምግባር ድማ፡ እቲ ምስ ጐረባብቲ ሃገራት ተፈጢሩ ዘሎ ናይ ወጥርን ጽልእን ህልኽን ሃለዋት፡ ናብ ጥዑይ ዝኾነ ሕውነታውን ናይ ሕድሕድ ምድግጋፍን ናይ ሰናይ ጕርብትናን ዝምድናታት ምቕያር ኢዩ።

ብኻልእ ሸነኽ ድማ፡ ናይ ፖለቲካን ናይ ሕልናን እሱራት ክፍትሑን፤ ኤርትራዊ ዜጋ፡ ምዩቕ ከይበለ ርእይቶታቱን ተቓውሞኡን ዝገልጸላን፤ መነባብሮኡ ንምምሕያሽ ይኹን ንስልጣን ንምውድዳር ኣብ ዝኣምነሉ ዕላማታት ብናጽነት ተወዲቡ ክቃለስ ዘኽእሎን፤ ሰብኣዊ መሰላት ናይ ዚጋታታ እተኸብር፤ ግዝኣተ ሕግን ልዑላውነት ናይ ህዝብን ዝተረጋገጸላ ሃገር ምህናጽ ኢዩ። ከምኡ ውን፡ እቲ ኣብ ፈቐዶ ሃገራት ተበታቲኑ ዝነብር ህዝብና ናብ ሃገሩ ተመሊሱ፡ ፍረ ናይ ቃልሱን ፍረ ናይ ናጽነት ሃገሩን ከስተማቕር ምግባርን ንቡር ናይ ወዲሰብ ህይወት ከካይድን ምኽኣሉን ምብቃዑን ኢዩ።

ብሓጺሩ፡ ኣብ ኤርትራ ናይ ብዙሓት ሰልፍታት ዲሞክራስያውን ቅዋማውን ስርዓት ክትከል እንተደኣ ኪኢሉ ጥራሕ ኢዩ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣልጊሱ ወይ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ብዲሞክራስያዊ ስርዓት ተተኪኡ ክበሃል ዝከኣል። እቲ ዝትከል ስርዓት፡ ብዙሓት ሰልፍታት ክዋስኣ ምፍቃዱ ጥራሕ ውን እኹልን ናይ መወዳእታን ዕላማታት ኢዩ ከበሃል ኣይከኣልን። ነቲ ስልጣን ዝሓዘ ሰልፊ ወይ ልፍንቲ ናይ ሰልፍታት ዝቃወም ዝቋጻጸር ሓያልን ተወዳዳርን ሰልፊ ወይ ልፍንቲ ናይ ሰልፍታት ክህሉ ውን ኣድላዪነቱ ኣዝዩ ዕዙዝ ኢዩ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ተመጣጣኒ ውድድር ዘለዎ ስርዓት ጥራሕ ኢዩ ናይ ህዝቢ ረብሓ ክረጋገጽን ናይ ህዝቢ ሰብኣዊ መሰላት ክሕሎን ዝከኣል።

እዚ ኵሉ ዕማማትዚ እምበኣርከስ፡ ብፖለቲካዊ ውድባት ጥራሕ ዝሰላሰል ኣይኮነን። ሃገር ክትምዕብል፡ ክትለምዕ፡ ህዝቢ መነበኣብሮኡ ከመሓይሽ፡ ናይ ገዛእ ርእሱ ህዝባዊ/ሲቪካዊ ማሕበራት መስሪቱ ንመሰላቱ ክቃለስ፤ ሰብኣዊ መሰላት ክኽበር፥ ሰላም፡ ርግኣት፡ ፍትሕን ማዕርነትን ክሰፍን እንተደኣኮይኑ፡ ህዝቢ ክለዓዓልን ክብገስን ኣለዎ። ውድባት/ሰልፍታት ድማ፡ ንህዝቢ ምልዕዓልን ምውዳብን ምምራሕን እንተዘይኮይኑ፡ ኣብ ክንዲ ህዝቢ ኰይነን እዚ ኵሉ ኣብ ላዕሊ እተዘርዘረ ዕማማት ንበይነን ከሰላስልኦ ወይ ከሳልጥኦ ከምዘይክእላ ብሩህ ክኸውን ይግባእ።

ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ፡ ዝፈሸለሉ መሰረታዊ ምኽንያት ድማ እዚ ኢዩ። ስርዓት ኢሳያስ፡ ሃገር ከመይ ትለምዕ፡ ዲሞክራሲ ብኸመይ ዝኣመሰለ ዓቑን ይረጋገጽ፡ ኣነ ኢየ ዝፈልጥ ካብ ዝብል እምነት፡ ንህዝቢ ኣብ መደባቱ ክሰኹዖ እምበር፡ ህዝቢ ባዕሉ ተወዲቡን ባዕሉ ንባዕሉ ኣመሓዲሩን ሃገሩ ክሃንጽ ይኽእል ኢዩ ዝብል እምነት ጠሪሱ የብሉን። ስለዚ ኢዩ ውን፡ ቅዋም ክሰርሕ፡ ህዝቢ መራሕቱ ባዕሉ ክመርጽ፡ ተቓወምቲ ብናጽነት ክዋስኡ፡ ናጻ ፕረስ ቆይሙ ንህዝቢ ክምህርን ክጣበቕን፡ ንመሰላት ህዝቢ ዝጣበቑ ሲቪካዊ ማሕበራት ክቖሙ ብሕታዊ ጽላት ናጻ ኰይኑ ክሰርሕ ዘየፍቀደ። ሃገርና ኤርትራ፡ ሕጂ እትርከበሉ ዘላ ቅልውላው ውጽኢት ናይዚ በሓትን ዓፉንን ትምክሕታውን ዝኾነ ግጉይ ፖሊሲታት ኢዩ።

ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ ይኹን ተቓወምቲ ውድባት ብተናጸል፡ ኣብ ምልዕዓልን ምውዳብን ህዝቢ እንታይ ግደ ክጻወቱ ጸኒሖም? ኣብ ሕድሕዶም ክዋጠጡን ኣብ ኣኼባታት ዘሕልፍዎ ግዜን ንህዝቢ ንምልዕዓል ዘውዕልዎ ግዜን ጕልበትን ይመጣጠን ዶ? በቲ ክኸድዎ ዝጸንሑ ጕዕዞ ምቕጻል ንምልጋስ ዲክታቶርያዊ የኽእልዶ? መልሱ፡ ህዝብና ዝፈልጦ ብሩህ ጕዳይ ስለዝኾነ፡ ንመጻኢ ብምምዕዳው፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ካልኦት ተቓወምቲ ውድባትን ውልቀ ዜጋታትን ካብዚ ተመኵሮዚ ተማሂሮም፡ ጠመትኦም ነቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዝፈላለዮን ዝገዛዝዮን ህዝቢ ኣብ ምእካብን ኣብ ምልዕዓልን ከውዕልዎ ዘሎና ትጽቢትን ተስፋን ክይገለጽና ክንሓልፍ ኣይንፈቱን።